ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ — الائتلاف الوطني الديمقراطي الإرتري

Eritrean National Democratic Coalition

# መኀሰን ምስጋናን !!

ላዕላዋይ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ (ኤሃዲል) ኣብ ቦኽሪ ኣኼብኡ፣ ንሓፋሽ ህዝብናን ንዅሎም መራሕቲ ፖለቲካዊ ሓይልታትን በርጌሳዊ ማሕበራትን፣ ምሁራትን፣ መራኽቢ ብዙሓንን፣ ነቲ ኣብ ዝኽሪ 60 ዓመት ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኻየደ ጽምብል ኣዋጅ መስከረም፣ ምቛም ልፍንትና ዕድሜና ኣኽቢሮም ብምሳተፎምን ሃገራዊ ምስክረነቶም ዘርኣዩን ዘመዝገቡን ክብ ዝበለ ምስጋና ከቕርብ ደስታ ይስመዖ።

ከምኡ'ውን ነቶም ናይ ዮሃና መልእኽቲ ዝሰደዱን፣ ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ መራኸቢ ነቲ ብዕለት 10 መስከረም 2021 ዝተኣወጀ "ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ" ኣመልኪቶም ዘቃልሕዎ ደገፍን ምትብብዓን ልዑል ምስጋናን መኀሰን ይብጻሓዮም።

ሓፋሽ ተቓላሳይ ህዝብና  እዚ ዝተወሰደ ስጉምቲ ንኽረጋገጽ ዓቢ ደራኺ ሓይሊ ስለ ዝነበሮን፣ ከምኡ'ውን ምቛም ኤሃዲል ምስ ተኣወጀ ዘርኣዮ ሞራላዊ ደገፍን ኣብ ግምት ብምውሳድን፣ ላዕለዋይ መሪሕነት ኤሃዲል ኣብ ልዕሊ ተቓላሳይ ህዝብና ዘለዎ እምነት ዓቢ ምኳኑ  ኣብ ቀጻሊ ጉዕዝኡ ድማ ኣጽኒዑ ከም ዝሕዞን ኣረጋጊጹ። በዚ መንፈስ'ዚ ኣኼባ ላዕላዋይ መሪሕነት ትልሚ መደባት ኣብ ምሕንጻጽን ኣብ ውድባን ዜናን ዲፕሎማስን ካልእ መዳያትን ንዑኡ ዘተግብሩ ትካላትን ምምሕዳራትን ኣብ ምቛም ከም ዝርከብ ክንሕብር ንፈቱ።

ኣብ መደምታ።  ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ይኹን ወጻኢ ካብኡ፣ ብዅሎም ፖለቲካውያንን በርጌሳውያንን ሓይልታት ተቓውሞ፣ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሃገርና ንምርግጋጽ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ክዕወት ናይ ግድን ምኳኑ ንህዝብና ብሓፈሻ ንተቓላስቲ ደቁ ድማ ብፍላይ ጽኑዕ መትከላዊ እምነታና ምኳኑ ደጊምና ነረጋግጽ።

ላዕለዋይ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ
15 መስከረም 2021